ዓብዪ ሰላማዊ ሰልፊ ኤርትራውያን፥ **ይኣክል!** ኣብ ከተማ ሎንዶን

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ኤርትራውያን ደቂ ሃገርና፡ ንዕለት 13 ሓምለ 2019 ዓብዪ ሰላማዊ ሰልፊ ክንገብር ስለዝኾንና፡ ኩላትና ኤርትራውያን ክንሳተፍ ብኽብሪ ንዕድም።

ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ኤርትራ ወሪዱ ዘሎ ስቓይ መወዳድርቲ የብሉን። ነዚ ድማ **ይኣክል**! ንብል ኣለና።

ብዙሓት ንጹሃት ዜጋታት ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን፡ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ይበልዩ ኣለዉ። ንሕና ድማ **ይኣክል!** ንብል ኣለና።
ብዙሓት መሻይኽን፡ ኣቐሽቲን ፈለስትን ተኣሲሮም ኣለዉ። ኣቡነ እንጦንዮስ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ማሕዩር ይርከቡ።
ኣዝዮም ብዕድመ ዝደፍኡ ሓጂ ሙሳ ኣብ ቤት ማሕዩር እዮም ዓሪፎም። ነዚ ግፍጽታት'ዝ እውን **ይኣክል!** ንብል ኣለና።
ዓቕሚ ኣዳም ዘይኣኸሉ፡ ደቂ 8 ዓመት ከይተረፈ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተድጕኖም ኣለው። ጥኑሳት እውን ተኣሲረንስ ኣብኡ ሓሪሰን! ነዚ ይኣክል እንተ ዘይኢልናዮ መን ክብለልና?!
ኤርትራውያን ብጥሜትን ብስደትን ብኹናትን ዝሳቐዩዎ ዘለዉ ከይኣኽሎም፡ ሕጂ ከኣ፡ ነተን ቁሩብ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ዝህባ ዝነበራ ትካላት፡ ናይ ቤተክርስትያን ካቶሊካውያን ኢየን ብዝብል ምስምስ፡ መንግሥቲ ዓጽዩወን ኣሎ። ብዙሓት ሕጻናትን፡ ሽማግለታትን፡ ሕክምና ስኢኖም ይሳቐዩ ኣለዉ። ሓንቲ ሓራስ፡ ሕክምና ስኢና ከምዝሞተት ሰሚዕና።
መንግሥቲ ኤርትራ ኣብያተ ሕክምናታት ዝዓጽወሉ ምኽንያት የብሉን። እዘን ኣብያተ ሕክምናታት እዚኣተን ንኹሉ ሕዝቢ ኤርትራ፡ ብዘይኣፈላላይ፡ ዜገልግላ ዝነበራ ኢየ። እሞ ንምንታይ ደኣለን ብወተሃደራት ዝዕጸዋ ዘለዋ? ንሕዝቢ ኤርትራ ኬጵንቶ መደብ ስለዘለዎ እንተ ዘይኮኑ ካልእ ምኽንያት የልቦን።

ነዚ ግብረ-እከይ እዚ፡ ኩላትና ኤርትራውያን ኣብ ዘዘለናዮ ሃገር <u>ዕሙር ሰላማዊ ሰልፊ ጌርና</u>፡ ብሓበራ፡ **ይኣክል! ይኣክል! ይኣክል!** ክንብሎ ኣለና።

ካብ ሕጂ ንደሓር፡ መገዲ ጥፍኣት **ይእኽለና። ይኣክል!**
*መገዲ ሰላም፡ መገዲ ፍትሒ፡ መገዲ ራህዋ፡ መገዲ ሕይወት ንጀምር።*

ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ እንነብር ኤርትራውያን፡ ንዕለት ንዕለት 13 ሓምለ 2019 ኣብ Trafalgar Square (ትራፋልጋር ስኴር) ተራኺብና ናብ 10 Downing Street (10 ዳውኒን ስትሪት) ክንጓዝ ኢና፡፡ ኣብኡ ብሓባር፡ ብዝለዓለ ድምጺ **ይኣክል**! **እምቢ ንምልኪ**! ክንብል ኢና።

*ኣሕዋትኩም ኮሚቴ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ*
*ምስ ኩላቶም ደለይቲ ፍትሒ ብምትሕብባር ብኽብሪ ክትሳተፉ ንዕድመኩም።*

*ሎንዶን 05 ሓምለ 2019 ዓ.ም.ፈ*